# መድረኽ

ሕታም 35 9/1/2018
ተሰፋልደት ባህልቢ

# እተባህለ

## መእተዊ

ቅድሚ ኩሉ ክብሎ ዝደሊ፡ ሰላም ንኹሉ ኣብ ኩሉ፤ ቅሳነትን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ፤ እንቋዕ ኣብ መበል 57 ዓመት፡ ክብሪ በዓል ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከነብዕል ኣብጸሓና። ችን ችን!! እዛ ዓመት እዚኣ፡ ሕጂ እውን እንተኾነ፡ ልእላዊት ኤርትራ፡ ከም ብሓድሽ - ኣብ ምጅማር ጉዕዞ ንውሕስነት፡ ናይ ሕብረተሰባዊ ናብራ ሓርነት፡ ወይ ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምውሓስ ኣብ ምውንጫፍ ትርከብ። ንብኹሉ ብናይ ዓለምና ሓያላት ኢና ዝብላ ነገስታት፡ ንመንነት ህዝቢ ኤርትራ ክድምስስዎ፡ ዝጠጀእዎ ኣጸናቲ ዝኾነ መርዝታት፡ ከምቲ ዝሓሰብዎ ኣይ ሰርሓሎምን።

## ፍረ ነገሩ

ነቶም ኣብ በብግዚኡ መምስ ተሸናድሑ ዝነግሱ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ጻዕዳ ገዛ ዲሲ/white house DC፡ ነቲ ኽሕንክርዎ ዘበለ ኩሉ ቢሑቕ ከፍኣት፡ መዓት ዝወረዳ ኢትዮጵያ፡ ከም ለቢቶ ኮይኖም ክብኩዑሎም መታን፡ ፊንፊን ይብልዎም። ኣብ ምንኩቦም እናጠብጠቡ፡ ከም እዚኣ እተገርኩሙልና፡ ንዓኹም ዘይከውን ኣይይኹን፡ ከም ድላይኩም ንእትሓትዎ ነገራት ክንገብረልኩም ድልዋት ኢና እንክብሉ ይማርኽዎም። ጎድናዊ ሳዕቤናቱ ከይ ተረድኡ ድማኒ ይግዝእሎም።

እቲ ሒማቕ ጎድናዊ ሳዕቤናቱ ከኣኒ ስርሑ ኣይ ገድፍን፡፡ ነዛ ዘርጣጥ ዝኾነት ሃገር፡ በብቑሩብ ዘገም እንዳ በለ፡ ከም ስውር HIV virus ኮይኑ ከሳቕያ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ክትሕከመሉ ዘይ ከኣል ደረጃ ገጻ ተምርሕ ከም ዘላ ምስ ተማዕዱ ወይ ምስ ተፈድሑ ማለት እዩ፡ እቲ ዘላቒ መፍትሒ ናይ ግዲን ዕርቂ፡ ምስ እዛ ሸንቅጥ ዝኾነት ሃገረ ኤርትራ ደኣ እምበር፡ ካሊእ ዝግድድ ዘላቒ ምርጫ፡ ከም ዘየለ ምስጢራቱ ተኸሸሑ።

በቶም ሰለስተ ተኸታተልቲ መንግስታት ኢትዮጵያ፡ እቲ ኣብ ህዝብና ከወርድ ዝጸንሖ ጨካን ዝኾነ ኣጸናቲ ስራሕ፡ ንዘከሮም።

1) ንባዕሉ ዘእምነገድ ይሁዳ፡ ንጉሰ ነገስታት ዘኢትዮጳ እየ ኢሉ ዝነገሰ፡ ኩርኩር USA ዝነበረ ስርዓት ሃይለ ስላሴ፤

2) ንባዕሉ ኣብ ስርዓት ማሕበራዊ ሶቪየት ዘምለኽ ኮለነል መንግስቱ፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርጊ፤

3) መለስ፡ ንባዕሉ ኣብ ናይ ኣልባንያ ማርክሲስታዊ/ለኒናዊ ኣምር ሓሊኑ፡ እንሓንሳብ ማርክሲስት ለኒንስት ትግራይ/ማለሊት እየ ዝብል፤ ወይ ድማኒ ህዝባዊ ወየነ ሓርነት ትግራይ/ህውሓት ወይ ድማኒ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ትግራይ/TPLF ዝኾነ፡ ሕሉፍ ዓሌታዊ ስርዓት ወያነ ትግራይ።

በቲ ሓደ ወገን እንተ ርኢና ድማኒ፡ ኤርትራ ሰልከይ እና በለት ከትመጽእ ድሕሪ ምጽንሓ፡ ብሳላ ናይ ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢን፡ ብሳላ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዘማእከሎ፡ ዘይ ሕለል ውድባዊ መሪሕነት ህዝባዊ ግምባር፡ ድሕነታ እና ተረጋግኤ እዩ። ንርእሳ ኮይና፡ መረጋጊኢት ሰላም ናይ ዞባና እና ኾነት ክትመርሕ ትጅምር ኣላ። ኣብ ልዕሊዓ ተጻዒኑ ዝጸንሔ ጅኦ ፖለቲካዊ ክብደት ከኣ፡ ክራገፍ ጀሚሩ ኣሎ። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ፡ ምዕባሌኣ ምስ እኒ፡ ሲንጋፖር፤ ጃፓን፤ ቐጠር ዝኣመሰላ ሀገራት ንኽትስራዕ፡ ዘኽእልዋ ትሕቲ ምድርን ልዕሊ ምድርን ዘለዉ፡ ፍረ ፍርያት ባህርያዊ ጸጋታታ፡ /natural resources/ ከም ሓንቲ ዘርባሕ ላም፡ ማለትሲ - ጥንሲ ኣብ ኣጋ ሕርሲ ትርከብ።

ከምቲ ኣብ ታሪኻዊ መዘክር፡ ናይ ዓለምና ተሰኒዱ ዘሎ ፍጻሜታት መሰረት፡ ኣብ 1941 ዓመተ ምሕረት፡ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዓሪፉ። ይኹን ደኣ እምበር፡ እቲ ውግእ ግን ኣየቋረጸን። ውግእ ኣብ ሞንጎ ሓንቲ ሃገር ኣንጻር ካልእ ሃገር፡ ዝግበር ዝነበረ ባእስታት ኣይ ዓረፈን። እንግሊዝ፡ ንኤርትራ ካብ ኢድ ጣልያን መንዚዓ ምስ ወሰደታ፡ ንዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ክትጉሕጉሓ ምስ ጸንሐት፡ ብጉልባብ "ፈደራስዮን ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ ንግስነት ሃጸይ ሃለስላሰ ዝብል ሽጣራ" ንኽትዓሰ ምግባር፡ ሕድሪ ንኣሜሪካ ኣረኪባታ ወጺኣ። ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ዘይ መልኤ ካላንደር ከኣ፡ ኣብ 1958ዓም ድማኒ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተጠቕሊላ። ከም ሳዕቤኑ ድማኒ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብረታውን ፖለቲካውን ሽግ ሶውራ ኣባሪዑ።

እወ፡ ኣብ ሓደ መስከረም 1961 ዓመተ ምሕረት ከኣኒ፡ ጀጋኑ ሽማገለታት ኣቦታትና፡ ኣብ ስደቶም፡ ኣብ ከተማ ካይሮ ሃገረ ግብጺ ተጠራኒፎም፡ ንመጀመርታ ግዘ ብረታዊ ቃልሲ ክጀመር ሃንዲሶም። ብኡ መሰረት ከኣ፡ ብሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ዝተመርሔት ሓንቲ ዕጥቕቲ ጋንታ ሜዳዊ ስራሓ ኣብ ግርሰት ታሕታይ ጋሽ ጀሚራቶ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ እና ተሓወሳን እና ኣስነቓን ከኣ፡ ዓርመሻሽዊ ዝኮነ ተዋጋኢ ሓይሊ ንሓርነት ኮይኑ በቒዑ። ኣብ ዕለት 24 ወርሒ ግንቦት 1991 ዓመተ ምሕረት ከኣ፡ ኤርትራ ካብ ባዕዳዊት ኤትዮጵያ ነጻ ወጺኣ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ብቑጠባ ገረውረው ዝበለት ሀገር ኢና ተረኪብና።

ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘይነበራ፡ ከም ኣብ ዓውደ ትምህርትን ኪነ ጥበብን፤ ኣብ ዓውደ ሕክምናን ክንክን ጥዕናን፤ ኣብ ዓውደ ማእቶን ምህርትን፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ምስናዕ

*ኢንዳስቱሪታት /industry ኣብ ዓውደ ዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጻታት ዘይነበራ፡ ኮታስ ዝዓነወት ሃገር ኢና ተረኪብና።*

*እቲ ናይ ሽዑ ሰራዊት፡ ዝመርሐ ዝነበረ ስርዓት፡ ፖለቲካዊ ቡረዩ ህዝባዊ ግምባር፡ ናብ ዕልመናዊ ዝኾነ፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተሰጋጊሩ፡፡ ድሕነትን ጸጥታትን፡ ህዝብን ሃገርን እና ሓለወ ድማ፤፡ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሒ ንህዝቢ፡ ብዘይ ኣድልዎ፡ ኣብ ዝብል ራእዩ ኣተኩሩ፡ ኣገልግሎት ክህብ ጀሚሩ።*

*ከምኡ ድማ፤፡ ኣብ ሳልሳይ ቅጺ ዝሰርዑ፡ ከም ሕብረተ ሰብኣዊ ማሕበራት፡/civic societies ተባሂሎም ዝርዑ፡ ማሕበር ኣንስቲ፤ ማሕበር መናእሰይ ወ.ዘ.ተ. ወዳዲቡ። ማሕበር ሰራሕተኛታት፤ ማሕበር ሓረስቶት፤ ማህበር ተመሃሮ፤ ማሕበር ስንኩላት . . . ወ.ዘ.ተ. ንኽምስረቱ ድማ፤፡ እቲ ዕድል ቀጻሊ ወይ ሰዓቢ ከም ምኳኑ፡ ሶውራና ዝሓለፎ ተመክሮ ስለ ዝኾነ ኣየጠራጥርን። ተዘክሮታትናከ እንታይ የመስል?*

*ኣብ ስምዒታት መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክሕከኽ ዘይ ክእል፡ ኣሰካሕካሒ ዝኾነ ዝኸሪ በሰላ ኣሎ። ነቶም ናይ ወያነ ተጎምባሕቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን ግን፡ ብዋጋ ንጹሃት ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ቁማር ምጽዋት እዩ። እቲ ዘገርም፡ ናይ ናዚ ጀርመን ከም ንእስራኤላውያን መጠን፡ ሕሉፋት ዓለታውያን ወያነ ድማ፤፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝበደልዎ ተደረራጊ እዩ። ክልቲኡ ስርሒታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓለም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰላማውያን ህዝብታት ዝተገብረ፡ ክልቲኡ ኣጽናቲ ዝኾነ ትምክሕታዊ ዓሌታዊ ገበን፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ህዝቢ ዝተገብረ እዩ።*

*እቲ ፍልልይ፡ ናዚስት ጀርመን ንብዙሓት እስራኤላውያን፡ ኣብ ቆፎ መርዛዊ ጋዝ፡ ደቕዲቆም ይቐትሉ። ሕሉፋት ዓሌታውያን ወያነ ድማ፤፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ክርእይዎም ንዘይ ደልዩ ኤርትራውያን፡ ክሳብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ዝኾኑ ቆልዑ፤ ሰብኣይ ሰበይቲ፤ ስንኩላን፤ ኣረገውቲ ኤርትራውያን፡ መብዛሕትኦም ካብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ፡ ከካብ ዝነበርዎ ቦታን ሰዓትን ከከቢቦም ሆስተጅ/hostage ምስ ሓዝዎም፡ ንብረቶም ራስዮም ኣብ ምድረ በዳ ደንካልያ ጉሒፎሞም።*

*ከም ዝዝከር፡ ኣብ 1976 ዓመተ ምሕረት፡ ደርጊ "ራዛ ፕሮጀች" ዝሰመዮ ኣጽናቲ ሆሎካስት/Holocust ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከትግበር ኣጽዲቑ። ብእውጅ፡ ንሰላማዊ ህዝቢ ወሎ፤ ትግራይ፤ በገምድርን ዋልቃይትን ናብ ዓድታት ኤርትራ ጥሒሶም ክኣትው እሞ፡ ኣብ ቅድሚኦም ነንዝጸንሖም ንብረት ህዝቢ ኤርትራ፡ እንኮላይ ተንቀሳቐስቲ እንስሳታት፡ ራስዮም ንኽህብትሙሉ ከገብሩ መምርሒ ተዋሂቦም። ብሰለስተ ቅድመ ግምባራት ከኣ፡ ብወገን ዛላምበሳን፤ ራማን ተከዘን ኣዋዲዱ ከም ቅድድም ማራቶን ዝዓይነቱ ኣበጊሰዎም።*

እቲ ዝተበገሰ ማራቶናዊ ጥሙሖ ዝነበሮ ህልቂት/holocust ወይ genocide: ንትኣምር ብሓይሊ ፈጣሪ፡ ብግስ ኽብልን ንኽኹርመሽን ከም ሓደ ኮይኑ። ብዛላምበሳ እዩ ዝጀመሮ። ኣብኡ ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ገድልና፡ ነበልባል ኣርበጅን ከበድቲ መዳፍዕን ምስ ወርወርሎም፡ ባህሪሮም መውጺኦምን መእተዊኦምን ኣጥፊኦም፡፡ ዝተማረኹ ተማሪኾም፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ፡ ዘርምዘርሞ ከይናም እግረይ ኣውጽእኒ ብምባል፡ ንድሕሪት ተበታቲኖም።

እቶም ንባዕልና ኣብ ምክልኻል ግምባር ተኸዘ ዝነበርና፡ ምስ ወራር ራዛ ተፋጢጥና እንክሎና፡ እሞ ከኣ ኣብ ዝኾነት ደቓቕ ክወሩና ክብገሰኡ፡ እና ተጸቤናዮም እንከሎና፡ በንጻሩ ግን፡ ወራር ራዛ (ሃርባ) ንድሕሪት ኣንሳሒቦም ከይዶም። እንታይ ተረኺበ ምስ በልና፡ እቲ ኣብ ግምባር ዛላምበሳ ዝነበረ ራዛኦም ስለ ዝተሳዕረ፡ ወራር ራማን ሰቲትን ከንሳሕቡ ከም ተኣዘዘ ሰሚዕና።

ብሰንኪ እዚ ተርኽቦ እዚ፡ ወራር ተኸዘ እና ተጎሃሀረ እንከሎ፡ ኣብ ኣድያቦ ዝነብሩ ዝነበሩ፡ ገባሮ ኤርትራውያን፡ ነዚ genocide ከካይድ ኣውረርዩ ዝነበረ ወራር ራዛ ንምምካት ምሳና ርዒሞም፡፡ ምስቲ መላእ ሓይሊ ህዝብናን ተጋደልትን ተደማሚሩ ከቲቱ ዝነበረ፡ ናይ ክተት ሓይሊ ተሰሊፎም። ኣማሓዳሪ ኣድያቦ ዝነበረ ምስሌነ ግራዝማች ነጋሲ ግን፡ ምስ ህዝቡ ኣብቲ ቅድመ ግምባር ከይ ተረኺበ በኹሩ። በንጻሩ፡ ንሱን ዓሻኽሩን ጸሊቑ ንሸረ እንዳሰላሰ ከምልጥ ነቒሉ። እንተኾነ፡ ኣብ እግረ መንገዱ ሓደጋ ኣጓኒፍዎ። ገለ ካብቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደሩ ዝነበሩ መልሻ፡ ኣብ መንገዲ ጎፎጎፍ ተራኺቡ። ደው ከብልዎ ምስ ፈተኑ ኣብ ሞንጎኦም ተኹሲ ተኸፍተ። ዝመውት ሞይቱ፡ ንሱ ከኣ ኣብ ምርኮ ኣትዩ።

ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽና ምስ ንፍትሽ ከኣኒ፡ ጃምላዊ ህልቂታት ኣብ ዖና፣ በሲዲራ፣ ጸላም መዓልቲ ዓርቢ ኣብ ከተማ ኣስመራ፣ ወኪድባ . . . ወ.ዘ.ተ። ነዚ ኩሉ ተጻዊርና፡ ኣብ 1991 ዓም ሰራዊት ጸላኢ ስዒርና ሃገርና ምስ ተረከብና፡ ኣብ 1993 ዓም ከኣ በፍንጫ፡ ኤርትራ ልዕላዊት ሃገር ብምዃን ተወሊዳን፡ ኣባል ማሕበረሰብ ዓለም ድማ ኮይና። ድሕሪ እዚ ታሪኻዊ ዓወታት ምምዝጋቡ፡ ዝማዕበለ ደግሲ፡ ናይ ዝሓለፈ ጉዕዞና፡ ዘይ ተጸቤናዮ እዩ።

ኣተሓሳስባ ታሪኻውያን ጸላእትና፡ ጌና ኢዶም ኣይሃቡን፡ ወይ ድማኒ፡ ኣይ ተሳዕሩን። እቲ ዝመረረ ድማኒ፡ ዘዕቤኻዮ ከልቢ ኣይንከስካ፡ ወይ ከኣ ተካል ቆልዓስ ጡብ ኣዲኡ እንክስ ከም ዝበሃል፡ ወያነ ትግራይ፡ ብኹሉ ዓይነት ኣገባባት፡ ወተሃደራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያዊ፣ ቁጠባዊን ተጠቒሞም፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንህዝቢ ኤርትራ ከጽንቱ፡ ኣብ 1998 ዓም ኩናት ኣዊጆም። ቅድሚ ሕጂ ዘይ ተሰምዔ፡ ጸጸኒሑ ዝወጽእ ዘሎ ምስጢራት፡ ወተሃደራት ወያነ፡ ንሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ፡ እንኮላይ ቆልዓ ሰበይቲ፡ ከጽንቱ መምርሒ ተዋሂቡዎም ከም ዝነበረ እዩ። ድሕሪ ክንደይ ህልኻት ግን፡ ብናተይ ገምጋም፡ እቲ ኣብ 2015/16 ዓም፡ ኣብ መላእ እትዮጵያ ዝተባርዔ ናዕቢ፡ ንሓይሊ ወያነ ኣርዒዱዎ እዩ፡፡ እቲ ናዕቢ ንሰለስተ ዓመታት ከሕቆን ምስ ጸንሔ፡ ኣብ 2018 ዓም ከኣ፡ ኣብ ኣፋፍኖት revolution ተሰጋጊሩ።

ገሌና ብጥብቂ ከንከታተሎ ከምዝጸናሕና መሰረት ብምግባር እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 5 ዓመታት ጥራይ፡ ኣብ Teheran, Moscow, Damascus, Ankara, Beijing, San'A, Cairo, Riyadh, Abu Dubai, DoHa, Addis Ababa, Asmara ወ.ዘ.ተ. ጽዑቕ ናይ Geopolitics ውግእ፡ ከካየድ ድሕሪ ምስጽንሑ፡ ከም ሳዕቤናቱ ድማ፤ ኣብዛ ዓመት እዚኣ፡ ንቐርኒ ኣፍሪቃ ከፍዝዛ ከኢሉ። ድምርማር ናይ እዚ ኩሉ ፖለቲካስ እዚ፡ ኢታ ብምኻሌክ፡ ብግዲ ተደማሚራ ዝጸንሔት ኢትዮጵያ፡ ብሰንኪ ዘርኣዊ ትምክሕቲ ናይ ወያነ ትግራይ፡ ሃደሽደሽ ከትብል ጀሚራ። እዚ ተርኽቦ እዚ፡ ንኣይተ Geopolitics ስለ ዘፍዘዞ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ከብ ወይ ግብ ህሞት ስለ ዝበጽሔት፡ ንድሕነታ ዝምልከት፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ቀንዲ መጥፋእቲ ሓዊ/fire fighters/ ኮይና ከትጻወት ከም ትኽእል ተፈሊጡላ።

ሃጽፍታት ናይ እቲ ዝማዕበለ ክስተታት፡ እና በረኸ ምስ መጺ፡ ንጻዕዳ ገዛ/white house/፡ ኣብ ሸቓልቀል ኣእትዩዎ። እንታይ ከገብር ከም ዝኽእል ስለ ዝሓርበቶም ድማ፤ ኣብ ድርኩኺት Statue of Liberty ተምበርኪኾም፡ ንሕና ንዘይ በደለትና ኤርትራ ስለ ዝበደልናያ፡ ምሕረት ግበርልና እንክብሉ ለሚኖም።

ብዕሊ፡ Acting Assistant Secretary of State for African Affairs Mr **Donald Yamamoto** ኮይኑ ተመዚዙ፡ ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዉ መራሕቲ፡ ምስጥራዊ ናይ ሰላም ጻዕዳ ፍዮሪ፡ ከብጽሕ ከይዱ፡፡

ንብዙሓት ተጸናጸንቲ ከምዚ ከማይ፡ ዘገረመ ጉምቢሒት/bowing/፡ እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ኢታ ናይ ሰላም ጻዕዳ ፍዮሪ ህያብ፡ ንመጀመርታ ግዘ፡ ካብ ጻዕዳ ገዛ/white house/፡ ብኢድ Mr Donald Yamamoto ኣቢላ፡ ኣስመራ ጻዕዳ ተረኪባታ። Mr Donald Yamamoto ከኣ፡ ኣብ ኣስመራ ንሳልቲ ማጨሎት ምስ ተሓጽበ፡ ኣብ ጅቡቲ ሸይኑ፡ ንኣዲስ ኣበበ ተዓዚሩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኑ ከኣ፡ እቲ ካብ 1991 ዓም ኣትሒዙ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከካየድ ዝጸንሔ፡ ናይ መን ሰዓረ ፖለቲካዊ፣ ወተሃደራውን ቁጠባውን ጸወታ፡ ኤርትራ ስለ ዘይ ተኻእለት፡ እቲ ጸወታ ከም ዘብቅዔ፡ ገምጊሙ ንዓዱ ተመሊሱ/ game over።

ብድሕሪዚ፡ ኣብ 5 ሰነ 2018 ዓም፡ ናይ ኢትዮጵያ ገዛኢ ፓርቲ ኢህወደግ ፈጻሚ ስራሕ፡ ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነት፡ ስምምዕ ኣልጀርስ ከተግብር ወሲኑ። ዶክቶር ኣብይ ኣሕመድ ቀ/ም ኢትዮጵያ ድማ፤ ነዚ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ብቕጽበት ስለ ዝተሸወጦ፡ ከረክብን ከስእን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ምስ ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ፡ ሓርበኛ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ከመሳሰል ከም ዘለዎ ዓጊቡ። ኣብ ልዕሊ ፕረሲደንት ኢሳያስ ዘቕለበሉ ሓቂ እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ንዝኣምነሉ ራእይ ዘበለ ኩሉ ንምፍጻም፡ ከም ዘይ ንሕፍ ዓጊቡ። ካብዚ ተላዒሉ ከኣ፡ ዶ/ር ኣብይ፡ ጸናጽል ምድማር ንሰላም፣ ንፍቕሪ፣ ንፍትሒ፣ ንዕብየት ከስምዕ ምስ

*ጀመረ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንምይይጥ ብመርሓባ ማዕጾኣ ከፊታ። ኣብ 5 ኣገደስቲ ርእሰ ስምምዓት ከኣ ተበጺሑ።*

*ብድሕሪ እዚ ኩሉ ጻዕርታት፡ ክልተኣተን ሃገራት፡ ዲፕሎማስያዊ ርክባተን ኣብ ንቡር መሊሰን፡ ኢምባሲታተን ከፊተን። ከምኡ ድማኒ፡ ኣብ ናይ ሓባር ኤኮኖምያዊ ምውህሃድ /economic integration ተበጺሑ ከም ዘሎ፡ ካብ ኣፍ ምኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ፡ ሓርበኛ ዑስማን ሳልሕ ተሰሚዑ ኣሎ።*

*ከምኡ ድማኒ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ኣገልግሎት ወደባት ባጽዕን ዓሰብን ንእትዮጵያ፡ ብወረ ወረ ይስማዕ ከም ዘሎ ትስፉው እዩ። እቲ ኣብ ዶባት ዘሎ ቪርችዋል ሕንጻጽ፡ ሸኻላት ንኽሽከሉ፡ ኣብ መስርሕ ከም ዘሎ እውን ይስማዕ እዩ። ንምዕባለ ማክሮን መኣይክሮን economics /macro and micro ዝሕግዙ ገጀፍት ፕሮጀክትታት፡ ተዋዲዶም ከም ዘለዉ ወሬታት ይወናጨፍ ኣሎ።*

*ኣብዛ ዝሓለፈት ሰሙን ጥራይ፡ ዓነትር ቁጠባ ዝኾና፡ ሃገራት ጀርመንን ሩስያን ኣብዚ ጉዳይ እዚ፡ ተበጊሰናሉ ከም ዘለዋ ተወርዩ ኣሎ። ብፍላይ እቲ ናይ ሩስያ ብገሳ፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ክልተ ወደባትና፡ ወይ ድማኒ ኣብ ሓንቲ ካብተን ዘለዋና ሓያሎይ ደሰታት፡ መደበር ናይ ምምቕራሕ/logistics ክትሃንጽ ከም ምኻና ተወርዩ ኣሎ። ዘገርም እዩ። ምቕናይ ጥራይ።*

*ኤርትራ ኣብ ደርጃ ምዕብልቲ ኢንዱስትራላዊት ሃገር ንምኳን ኣፋፍኖቱ፡ ብጣዕሚ ዘሓጉስ እዩ።  ጠጥዑሙ ክስማዕ እንከሎ፡ ገሊኡስ ካብ ሓሳስ ዝተላዕለ፡ ነዘን ዝሓለፋ 57 ዓመታት ቅጅል ይብላካ እሞ፡ ናይ ባዕልኻ ጉዕዞ ምስኡ ምስ ተዛምዶ፡  ክሳብ ሕንቕንቕ እትብል እዩ ዝገብረካ። ካብ መጀመርታ ድምጺ ቶኹሲ  ጥይት ቶጎርባ፡ ክሳብ ሕጂ ንዘሎናዮ።*

*እዚ ከምዚ እና ከደ እንከሎ፡ ካብ ክውንነት ዝተባረሩ፡ ከክፍኡ ጥራይ ዝትምነዩ ሓይልታት፡ ንብዓት ሓርገጽ ይነብዑ ኣለዉ፡፡ እቶም ሓደ ሓይሊ፡ ምስ ኢትዮጵያ ኣይከዩዳት ወይ ኣይሑዱራት፡ ከም ኣብ ሞንጎ ክልተ ምንቃዕ፡ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተቕርቀረት ኪታ፡ ኮይኖም ዘለው ወያነ ትግራይ እዮም።*

*እቶም ካልኦት ከኣ፡ ኣብዚ ናይ 57 ዓመታት ክን ወናጨፈሉ ዝጸናሕና  ሶውራዊ ሃይወይ፡ ኣብ ዕጥቃዊ ይኹን ፖለቲካዊ ጉዕዘኦም፡ ተቓወምቲ በሃልቲ ብተደጋጋሚ ተፈቲኖም ፖለቲካዊ መረቐም ዝወድኡ እዮም። ሓደ ሰብ፡ መረቑ ምስ ወድኤ፡ ንሓንቲ ወልፊ ዘበራብር ወይ ዘዕሹ እንታይ ኮን ይጥቀም?  ቫያግራ ይጥቀም። ኣብ ፖለቲካኽ ከምኡ ዶኾን ይግበር?*

*ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት፡ ዝግበር ዘሎ ዝርርብ፡ ካብ ፕረሲደት ኤርትራ ኢሳያስን ይኹን ካብ ዶ/ር ኣብይ ቀ/ም እትዮጵያ፡ ናይ እንካን ሃባን ፈነወታት፡ ገለ ገለ ረዘንቲ፡ ቃላት፤ ሓረጋት ወይ ምሉኣት/sentences ሰሚዒና። ከም ኣብነታት፡-*

- *የቀን ጅቦች፤ ሌቦች፤ ተደመር፤ ሰላም፤ ፍቅር፤ ብልጽግና፤ ሓው ዑስማን ሳልሕ፡ ኣይ ተሓዘለይ ደኣ እምበር፡ ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ንዓኻ ተኪኤ ናይ ኤርትራ ወጻኢ ጉዳይ እየ፤ ኣነን ኢሱን ምስ ተደመርና፡ እንረኽቦ ረብሓ  ካብ ዓሰብ ናይ ምምቕቓል፤ ዶባዊ ኣልቦ/borderless፤ ብጉዳይ ዶብ ኣይ ተዛረብናን . . . ዶ/ር ኣብይ ምስ ብዙሕ ፈገግታ ሰሓቕን ዝበሎ*
- *game over፤ ንዶ/ር ኣብይ፡ ካብ ሕጂ ንድሕሪት ንስኻ ኢኻ መራሒና፤ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ህዝቢ እዮም ዝብል ዓሻ ጥራይ እዩ . . . ፕረሲደንት ኢሳያስ ዝበሎ።*

*እዞም ኩሎም ፖለቲካዊ መረቖም ጸንቂቖም ወዲኦም ዝጸንሑ ወገናት፡ ነዘን ዝጠቐስኩወን ካብ ኣፍ ኢሳያስን ኣብይን ዝወጸ ቃላት፡ ከም ፖለቲካዊ ቫያግራ ገይሮም ብምጥቃም፡ ንዑለቱ ዝኸውን ፖለቲካዊ መረቖም ከበራብሩ ይፍትኑ ኣለዉ።*

# *ብዛዕባ ተደመር፡*

*ብህለት ምድማር፡ ብኸመይ ተባሂሉ ብዝያዳ፡ ነቶም 99 ብሔራት እትዮጵያ ዝምልከት ኮይኑ፡ ነቲ ንዓና ዝምልከት ካባይ ጀሚረ፡ ሓያሎይ ጉዱሳት ሰባት እቲ ልክዕ ትርጉሙ ኣመልኪትና ኣብሪሂና ኢና። ሓማቕ ዕድል ኮይኑ ግን፡ ክሳብ ሕጂ ክርድእዎ ስለ ዘይ ከኣሉ፡ ትማሊ ክሳብ ጀነቫ ከይዶም "ኣይንድመርን ኢና" ክብሉ ዓንገረር ክብሉ ውዒሎም። እተደኣ ምድማር ማለት፡ ኣብ ሓንቲ ካርታ ምሕዋስ ከም ማለቶም ኮይኑ እሞ፡ ኣይ ንድመርን ንዝብልዎ ዘለዉ፡ መን ኤርትራዊኸ ብኸምኡ ክድመር ዝደሊ ኣሎ ድዩ? የለን። ስለዚ፡ ነዚ ተረድኦ ናይ ተደመር ንምብራህ፡ ብናይ በብውልቅና ዝግበር ፈተነታት፡ ልዕሊ ዓቕምና ኮይኑ ስለ ዘለዎ፡ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ብወግዒ ክብርሆ ከም ዘለዎ ዘየማትእ ጠለብ ህዝቢ እዩ።*

# *ብዛዕባ ወደባት*

*ኣብ ሰሌዳ ዘይ ተጻሕፈ፡ ወደብ ዓሰብ ንኢትዮጵያ ተዋሂባ እያ፤ ሃገር ተሸይጣ፤ ዝኣመሰሉ ፖለቲካዊ ቫያግራ ጎኃሲሞም፡  ምስ በሉ . . . ፡ ወደብና ኣሕሊፍና ኣይ ንህብን፤ ሓንቲ ኤርትራ ናይ ሓደ ህዝቢ እያ ክብሉ ይስምዑ። መን ኤርትራዊ ከኣ ኣሎ ኮይኑ ሃገሩ ክሸይጥ ዝደሊ? ንሳቶም ደኣ ከይ ኮኑ ሃገር ክሸጡ ላሕ ኢሎም ዝኸሰሩ።*

*እዚ ጉዳይ እዚ፡ ነቲ ኢፈሊጥ ፖለቲካዊ ሸፌጣት ህዝቢ/ for those who know nothing about the games of politics ኣብ ፈቐዶ ናይ ሳይበር ዕላላት ምስ ተነዝሑ ከደናግር ስለ ዝኽእል፡ ብግቡእ ብዝምልከቶ ኣካል ናይ መንግስቲ፡ እንተ ዘይ ተመኪቱ፡ ልዕሊ ውሱን ውልቃዊ ዓቕምታትና እና ኾነ እዩ።*

# *ደምደማ*

*ሎሚ 9118  ንዝኽሪ መዓልቲ 9161 ኣብ እትበዓለሉ ዘላ ግዘ፡ ተስፋ ህዝቢ ኤርትራ ንሰማይ ኣሪጉሉ ዘሎ እዩ። ኣብዚ ህሞት እዚ፡ ዝጎሃየ ዝሕጎሰሉ፤ ተስፋ ዝቖረጸ ዝንየተሉ፤ ዝጸልመተ ዝበርሃሉ፤ ዝተሓንኮለ ዝትንስኣሉ፤ ዝተዋረደ ዝኽበረሉ፤ ዝተኸሓደ ዝእመነሉ፡ ተር ከም ዓተር ብምኳን፡ ይውሕዝ ስለ ዘሎ፡ ኣስመራ ጻዕዳ፡ መናገሻ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮይና ክትርኤ ጀሚራ ኣላ። ኣስመራ፡ ንጀነቫ ስለ ዝሓለፈታ፡ ነስመራ ደኣ እምበር፡ ንጀነቫስ ይትረፈና። ዮሃና ሕዝብና።*

*ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና።*

*fewwilybee@yahoo.com*